# ትራክተራቶም ብመንግስቲ ዝተመንዝዑ ሓረስቶት
# 800,000 ናቕፋ ከፊሎም ከውጽእወን ይጥለቡ ኣለዉ

ክፍሊ ዜናን ባህልን
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
13.12.2009

ስርዓት ኤርትራ፡ ነቶም ትራክተራቶም ኣብ ትሕቲ ምእኩል ምምሕዳር ክኣትዋ ኣለወን ዝብል መምርሒኡ ዘይተማእዘዙ ሓረስቶት፡ ካብ ዝሓለፈ ናይ ሕርሻ ክፍለ-ዓመት ኣትሒዙ፡ ትራክተራቶም ከግድፎም ከምዝጀመረ ምንጪታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ውሽጢ ሓቢሮም። ክሳብ ሕጂ ድማ፡ ንትእዛዛት መንግስቲ ነጺጎም ብዝብል ምስምስ 37 ትራክተራት ካብ ወነንተን ተመንዚዐን ኣብ ኣላቡ ዝተባህለ ቦታ ተዓሺገን ይርከባ። እዞም ወነንቲ ትራክተራት እዚኣቶም፡ ነፍስወከፎም፡ ትራክተራቶም ኣብ ትሕቲ ምእኩል ምሕደራ ብዘይምእታዎም ክሳብ 800,000 ናቕፋ ዝኸውን ክስራ ንመንግስቲ ኣስዒቦም ብዝብል ክሲ፡ ነዚ ገንዘብ'ዚ ከይከፈሉ ትራክተራቶም ክምለሳሎም ከምዘይኮና ተሓቢርዎም ኣሎ። ኰሎም እቶም ወነንቲ ትራክተራት ድማ፡ ብሓደ ድምጺ፡ ንሕና ንኸፍሎ ገንዘብ የብልናን፡ እንተደልዩ እቲ መንግስቲ ነተን ትራክተራት ይውሰደን ዝብል ተሪር መርገጽ ስለዝሓዙ፡ እቲ ሽግር ክሳብ ሕጂ መዕለቢ ኣይረኸበን ዘሎ።

እዚ ንትራክተራት ኣብ ትሕቲ ምእኩል ምምሕዳር ዘእቱ ትእዛዝን ሕጽረት ናይ ዝናምን ተደማሚሩ፡ ኣብ ምፍሻል ናይ ዝሓለፈ ዓመት ሕርሻዊ እቶት ዓቢ ግደ ከምዝነበሮ ክፍሊ ዜናን ባህልን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ክሕብር ከምዝጸንሐ ዝዝከር ኢዩ።